# ሰንበት ዘደብረ ዘይት 2018 ዓ.ም.

## መጋቢት 6/2018 ዓ.ም. 3/15/2026

### ሓደ እኳ ኸየስሕተኩም ተጠንቀቑ...እቲ ክሳብ መወዳእታ ዚዕገስ ኽድኅን እዩ

**መዝሙር፡** እንዘ ይነብር እግዚእነ ውስተ ደብረ ዘይት...ብዙኃት ብስመይ አነ ክርስቶስ እየ እናበሉ ክመጹኹም እዮም እሞ ከየስሕቱኹም ተጠንቀቑ ተሰናዲኹም ጽንሑ። እቲ ክሳብ መወዳእታ ተዓጊሱ ዝጸንሕ ንሱ ኪድኅን እዩ።ወዲ ሰብ ኪመጽእ እንከሎ ሓይሊ ሰማያትን ምድርን ኵሉ ክካወስ እዩ።ሽዑ ኃጢአተኛታት ምድሪ ኩሎም ኪበኽዩ እዮም፥ ሻቡ እግዚአብሔር ብትእዛዙን ብቓሉን ብአእላፋት መላእኽቱን ተዓጂቡ ብቃንዳ መለኸት ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ክወርድ እዩ።ንሱ ዋና ሰንበት ገባር ሕይወት አቦ እዩ እሞ በታ ስዓት እቲአ ካብ ሞት ኃጢአት ይምሓረና።

**ንባባት፡** ፩ተሰ 4፡13-ፍ፥ ፪ጴጥ 3፡7-ፍ፥ ግ.ሓ. 24፡1-21፥ ማቴ 24፡1-28።

**ምስባክ፡** እግዚአብሔርሰ ግሃደ ይመጽእ ወአምላክነሂ ኢያረምም፥ እሳት ይነድድ ቅድሜሁ እግዚአብሔር ግልጺ ኮይኑ ክመጽእ እዩ፥ አምላኽና ክመጽእ እዩ ሱቕ እውን አይብልን እዩ፥ ሓዊ አብ ቅድሚኡ ይቃጸል መዝ.50፡3።

ናይ ሎሚ ሰንበት ዘደብረ ዘይቲ ይብሃል። ደብረዘይቲ ምስራቕ ካብ ኢየሩሳሌም ዝርከብ ካብኡ አማዕዲኻ ንሽንጥሮ/ሩባ ኪድሮን ክትርእዮ ይክአል። ብዙሕ አእዋም አውሊዕ ዘይቲ ዝፈሪ ስለ ዝነበረ ደብረዘይቲ ይብሃል። አብ 70 ዓ.ም. ሮማውያን ምስ ከተማ ኢየሩሳሌም ብምልኡ አጥፊኦሞ። ገተሰማኒ ብምዕራባዊ ገምገም እዚ ደብሪ እዩ ዝርከብ (ማቴ 26፡30)፥ አብ ምስራቓዊ ወገን ቢታንያን ቤተሳይዳን ይርከባ። አብ ብሉይ ኪዳን ደብረ ዘይቲ ክልተ ጊዜ ተጠቒሱ ይርከብ 1. ዳዊት ንጉሥ ካብ ወዱ አቤሴሎም ሃዲሙ አብዚ እምባ ተዓቚቡ ነሩ (2ሳሙ 15፡30-32)። 2. አብ ትንቢተ ዘካርያስ ብዛዕባ ምጽአት መዓልቲ ጎይታ ክንበ እንከሎ ይጠቕሶ (ዘካር 14፡4-5).

ኢየሱስ አብ ቢታንያ ንአልአዛር ካብ ሞት አተንሲእዎ (ዮሓ 11)፥ ቅድሚ ሕማማቱ አብ ቢታንያ ነሩ ምናልባት አብ ገዛ ማርታን ማርያምን። ቅድሚ ሕማማቱ ኢየሱስ ብዓቢ ዓወት ካብዚ እምባ ንኢየሩሳሌም አትዩ (ማቴ 21 1-11፥ ማር 11፡1-10፥ ሉቃ 19፡28-29፥ ዮሓ 12፡12-15)። ካብዚ እምባ ኢየሱስ ንኢየሩሳሌም ገጹ እናተጓዕዘ ነቢዕላ (ሉቃ 19:41-44)፥ ካብዚ እምባ ብዛዕባ ዳግማይ ምጽአቱን መወዳእታ ዓለምን አስተምሂሩ (ማቴ 24፥ ማር 13)። ሉቃስ ከም ዝብሎ ኢየሱስ ቅድሚ ሕማማቱ ዘላ ምሸት አብዚ እምባ አሕሊፍዎ (ሉቃ 21፡37)፥ መጨረሻ ድራር ምስ ሓዋርያቱ አብዚ እምባ ገርዎ (ማቴ 26፡30፥ ማር 14፡26፥ ሉቃ 22፡39፥ ዮሓ 18፡1)። ዕርገት ኢየሱስ ካብዚ እምባ እዩ ተፈጺሙ (ግ.ሓ. 1፡12)።

አብ ብሉይ ኪዳንን ሓዲስ ኪዳንን እምባታት ፍሉይ ነገራት ዝተፈጸመሎም ከምኡ አብ እምነት ፍሉይ ምልክት ዝህቡ እዮም። ሙሴ አብ ደብረ ሲና ዓሰርተ ትእዛዛት ተቐቢሉ፥ ኤልያስ ነቢ ምስ ሓሰውቲ ነብያት ብዓል ክብአስ እንከሎ አብ እምባ ይቕመጥ ነሩ አብኡ አምላኽ ብመልአኹ ገሩ ይዛረቦ ነሩ። አብ ሕይወት ኢየሱስ ደብረ ታቦር ደብረ ዘይት ፍሉይ ነገራት ዝተፈጸመሉ ቦታት እዩ። አብ ደብረ ዘይት ኢየሱስ ፍሉይ ጸሎት የብጽሕ ነሩ ካብኡ ሕማማቱ ጀሚርዎ፥ አብዚ ደብሪ ብዛዕባ ምጽአት ዓለም አስተምሂሩ። ንሰማይ ካብዚ እምባ ዓሪጉ። ስለዚ እምባታት ፍሉይ ነገር ዝተፈጸመሎም አምላኽ ንደቂ ሰብ ዓበይቲ መልእኽትታት ዘመሓላለፈሎም እዮም።

ጸሎት ክገብር ምስ ደለየ አብ ደብረ ዘይቲ ይኸይድ ነሩ አብኡ ብጽምዋ ንሰማያዊ አብኡ ይረኽቦ ነሩ። አብ እምባ ንአምላኽ ክትረክብ ጥዑም እዩ። ሙሴ አብ እምባ ምስ አምላኽ ገጽ ንገጽ ይዛረቦ ነሩ፥ አብ ደብረ ታቦር ኢየሱስ ራእዩ ምስ ተቐየረ አብኡ ድምጺ አምላኽ ተሰሚዑ እዚ ዘፍቅሮ ወደይ እዩ ስምዕዎ ዝብል። ገዳማት አብያተ ክርስትያናት ሃገርና አብ ደብርታት አብ ሓፍ ዝበለ ቦታ ይህነጽ እዚ ኸአ መሰረቱ እዚ እዩ። አብ ጽምዋ ንአምላኽ ክንረኽቦ ምቹእ ኩነታት ይፈጥረልና።

ሎሚ ኣምላኽ ኣብ እምባ ርእስና ደይብና ኩነታት ሕይወትና ክንርኢ ንዝወደቕናዮ እቕረታ ክንሓትት ንሕተት ኣሎና። ኣብኡ ክዛረበና ክሕድሰና ይደሊ ኣሎ ዝሰምዕ እዝኒ ክነጥሪ፥ ዝልኣኽ ኣእጋር ክንገብር፥ ሰናይ ዝዛረብ ኣፍ ክንፈጥር ክንቀርቦ ክረኽበና ይሓተና ኣሎ። ከም ሳሙኤል ነብይ ጎይታይ ተዛረብ ባርያኻ ይሰምዓካ ኣሎ ንበሎኢ.ኢ.ኢ.ኢ.ኢ.ኢ.ኢ.ኢ.ኢ.ኢ.ኢ። መጀመርያ ነፍሰይ ከንጽሕ ድሕሪኡ ክልኣኽካ እነኹ ንበሎ።

ኣብ ዝተነበ ወንጌል ኢየሱስ ኣብ ደብረ ዘይቲ ብዛዕባ መወዳእታ ዓለምን ብዛዕባ ቅድሚኡ ዝርአዩ ምልክታትን ከም ዘስተምሃረ ይነግረና። ቅ. ማቴዎስ ነቲ ኣብ ማርቆስ 13፡1-8 ዘሎ መሰረት ገሩ እዩ ዝነግረና። ሓደ ፍሉይ ነገር ማቴዎስ ዝነግረና ኣብ መወዳእታ ዓለም ስርዓት ሕጊ ከምዝጎድል ሕዝቢ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ከምዝልዓል ውግእን ወረ ውግእን ከም ዝስማዕ ደቂ ሰብ ኣብ ጭንቀት ከምዝርከቡ እሞ ተራእዮም ዘይፈልጡ ነገርት ከም ዝርአዩ ይነግር። ኣብ ከምዚ ኩነታት እንከለዉ ብዙሓት ሓሰውቲ ነብያት ከምዝትንሥኡ እሞ ንብዙሓት ከም ዘታልሉ ገሊጹ ይነግር። እዚ ኹሉ ቅድሚ ምዃኑ ግን ወንጌል ኣብ ኩሉ ክበጽሕ ኣለዎ ይብል።

እዚ ወንጌል ክነንብብ እንከሎና ንፈርሕ ወላ እውን ክንሰምዖ ኣይንደልን። ብባህርና ሕማቕ ክወርደና ኣይንደልን ኢና እንተ ኾነ ኢየሱስ እዚ ነገር ከምዝኸውን ነጊሩ። ከፈራርሕ ኢሉ ዘይኮነ ኣብ መገዲ ኣምላኽ ክንርከብ ኢሉ እዩ። ኣብዚ ሰለስተ ትንቢታት ይነግር።

1. **ዕንወት ኢየሩሳሌም፡** ብ70 ዓ.ም. ናይ ንጉሥ ቲቶ (ሮማዊ) ንከተማ ኢየሩሳሌም ኣዕንዮማ። ቤተ መቕደስ ኢየሩሳሌም ካብዚ ጊዜ ምስ ዓነወ ክሳብ ሕጂ ዓንዩ ፍርስራስ ጥራሕ ይርአ። ኣይሁድ ቤተ መቕደስ የብሎምን።
2. **መጨረሻ ዓለም፡** እዛ እንነብረላ ዓለም ሓደ መዓልቲ ክትውዳእ እያ። መዓልቱን እዋኑን ኣይንፈልጥን ኢና ስለዚ ነቑሕና ክንጸንሕ ይነግረና።
3. **ዳግማይ ምምጻእ ክርስቶስ፡** ኣብ መጨረሻ ዓለም ንሕያዋንን ሙታንን ብሓባር ክፈርድ ኢየሱስ ክመጽእ እዩ።

ኣብዚ ጎይታና ዝሓተና ኩሉ ጊዜ ነቑሕና ክንጸንሕ፥ ክንጽሊ ይነግረና። ኢየሱስ ኣብዚ ከምቲ ነብያት ዘስተምህርዎ ዝነበሩ ብምልክታትን ከምኡ ብተራእዮም ዘይፈልጡ ነገራት ገሩ እዩ ዝዛረበና። ብዙሕ ጊዜ ነብያት ከነግሩ እንከለዉ ብዙሓት ይኣምንዎ ኣይነበሩን ግን እቲ ዝበልዎ ምስተፈጸመን ዓይኖም ምስ ረአየን እዮም ዝኣምንዎም ዝነበሩ።

ሓዋርያት ነቲ ዝኸውን ኩሉ ምስ ነገሮም ሰንቢዶም ምእስ ከምዝኸውን ሓቲቶሞ። ኣብዚ እዋና በብእዋኑ መወዳእታ ዓለም ቀሪቡ እዩ እናበሉ ምስቲ ዝርአ ነገራት እናኣዛመዱ ዝንበዩ ኣለዉ፥ ኢየሱስ እዚ ነገር ክቅድሚ ምዃኑ ወንጌል ኣብ ኩሉ ክበጽሕ እዩ ይብል። ቤተ ክርስትያን ኩሉ ዓይነት ስቓያት ክወርዳ እዩ ግን እዚ መወዳእታ ኣይኮነን ይብሎም።

ንኣይሁድ እቲ ዝዓበየ ዕንወት ናይ ከተማ ኢየሩሳሌምን ቤተ መቕደስን እዩ እዚ ኸአ ምስ ታሪኾምን መንነቶም ዝተተሓሓዘ እዩ። እዚ ክልተ ምስ ኣጥፍኡ ኣብ ኩሉ ፋሕ ኢሎም ይርከቡ። ንሕና እውን ናይ ሕይወትና ቀንድን ማእከልን ኣሎና እዩ። ከም ህዝቢ ከም ክርስትያን ክነጥፍኦ ዘይብልና ነገር ኣሎና። እምነትና ቀንዲ እዩ። ኩነታት ብዘየገድስ ኣብ እምነትና ክንጸንዕ ንዝኾነ ዝጓነፈና ፈተና ክንስዕር ኣሎና። ባህልናን እምነትናን ክልተ ኣገደስቲ ነገራት እየን። ሰብ ባህሉ እንድሕሪ ኣጥፊኡ መንነቱ ኣጥፊኡ ናተይ ዝብሎ ስለ ዘይብሉ ከንቶ መንቶ ኮይኑ ይነብር። ከምኡ እምነቱ ጽኑዕ እንተ ዘይኮነ ዘይነብሮ እንተ ኾነ እውን ሕይወቱ ቅሱን ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት እዩ ነዚ ክልተ ኣጽኒዕና ክንሕዞ ኣሎና ዝብሃል።

ዓለምና ሎሚ ሞት ውግእ ስደት ዓመጽ በዚሕዋ ንርኢ ኣሎና፥ መወዳእታ ዓልምዶ ቀሪቡ ኮይኑ ኢልና ክንሓትት ዳርጋ ንግደድ። እዚ እንርእዮን እንሰምዖን ኣብ ሰባት ዝወርድ ዘሎ ፍትሒ ተሳኢኑ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ብዘይፍርዲ ዝተዳጎኑ፥ ዓዶም ዝፈትውዎ ህዝቦምን ወገኖም ሓዲጎም ዝስደዱ፥ ብሰንኪ እምነቶም ዝቕተሉ ዝእሰሩ ከምኡ ኣብ ውሽጢ ዓዶም ዝተፈላለየ ግፍዒ ዝወርዶም ክትርኢ ክትሰምዕ ቀሊል እዩ። ነዚ ከመይ ንርእዮ ኣብ እምነትና። ብርግጽ ዝኾነ ፍጻሜ ናቱ ምልክትን ትርጉምን ኣለዎ። ኣብ እዋና ዝርአ ነገራት ብዝያዳ ኣብ ኣምላኽ ክንቀርብ ዝሕግዘና ክኸውን ኣለዎ። ብዙሕ ጊዜ ክፍኣትናን

ኣብ ኣምላኽን ሰብን እንገብሮ ክሕደት ኣብ ሕይወትና ጸገም ከውርደልና ይክእል እዩ፥ ግን ኩሉ ዝገጥም ብሰንኪ ኃጥኣትና ክፍኣትና እዩ ክንብል ኣይክኣልን እዩ። እቲ ዝበለጸ ነገር ክንገብሮ ዝግብኣና ኣብ ኢየሱስ ዘሎና እምነት እናዓበየን ደልደልን ክኸይድ ኣለዎ። ዝኾነ ነገር ንትእምርትና እዩ ዝውሃበና ስለዚ ርኢና ክንክእል ኣምላኽ እንታይ ይደሊ ኣሎ ክንብል ኣሎና። ኣምላኽ ኣብኡ ክንምለስ ብዝተፈላለየ ይዛረብ እዩ ክንሰምዕ ክንምለስ ኣሎና።
ሓሰውቲ ዘታልሉ ክመጽኡ እዮም ይብለና። መንእዮም እዞም ሓሰውቲ ዘታልሉ ዝብሃሉ ዘለዉ። ብርግጽ ንሓቂ ንትምህርቲ ክርስቶስ ጠምዚዞም ዘይናቱ ትርጉም ብምሃብ ንብዙሓት ካብ ሓቂ ዘውጽኡ፥ ክእልተን ዝተፈላለየ መጋበሪ ዘለዎም ልኡኻት እዮም። ኣብ ገለ እዋን ሕይወቶም ትምህርቶም ከታልለና ይኽእል እዩ ክንገጥሞም ክንምልሰሎም ቀሊል ኣይኮነን በዚ ምኽንያት እዩ ነቲ ዘይንፈልጦ ኣብ ቤተ ክርስትያና መልሲ ክንረኽበሉ ክንሓትት ኣፍልጦ እምነትና ክነዕቢ ዝግብኣና። ጓይላ ሰሚዐ ኢልካ ኣይስዕሳዕን እዩ ብጥዑም ላዛ ዝተሸፈነ ቃላት ሰሚዕና ክንታለል የብልና። ንኢየሱስ ረኺበዮ ዝብል ዘረባ እንተ መጸና ኣነ ቀደም ኣብ ጥምቀት ኣብ ኩሉ ምስጢራት ተቐቢለዮ ስለዚ ንእይ ሓዲስ ኣይኮነን ሓወይ ሓፍተይ ድሒርካ በጺሕካዮ ንበሎም።
እቲ ካሳብ መወዳእታ ዝፅገስ ክድሕን እዩ፥ እዚ ነተን ብሰንኪ እምነት ዝወርድ ስቓይ ስደት ዝርኢ እዩ። ንፈተና ምስ መጸ ክንዋግኡ፥ ዘታልል ምስ መጸ ጸኒዕና ክንቋወሞ ይግብኣና። ኣብ ገለ እዋን ትርጉም እምነትን ዝገጠመና ፈተናን ይገራጨወና እሞ ፍታሕ ዝረኸብና ኮይኑ ይስምዓና እሞ ካብ እምነትና ንዝንብል ሽዑ ኣብ ሓዲስ ዘይ ዳስና ጓይላ ንተክል እዚ ግዝያዊ ዕግበት እዩ ዝህበና ሓቂ ኣይትቕየርን እያ ስለዚ ኣብ እምነትና ጸኒዕና ክነብር ንጸሊ።
እዚ እንነብሮ ዓለም ክሓልፍ እዩ ነፍሲ ወከፍና በብምዓልትና ክንሓልፍ ኢና ስለዚ ውራይ ድሕነትና ክንገብር እዋኑ እዩ።ቅ.ጴጥሮስ ነዚ ኸገንዘበና ኢሉ መዓልቲ ጎይታ ግና ከም ሰራቕ ኾይና ኽትመጽኣኩም እያ...ነታ ኣምላኽ ዝመጸላ መዓልቲ እናተጸበኹምን እናኣቀላጠፍኩምን ብቕዱስ ሕይወትን ብፍርሃት እግዚኣብሔርን ክትነብሩ እዩ ዚግብኣኩም (2ጴጥ 3) ይብለና። ስለዚ ኣቱም ፍቑራተይ ነዚ እናተጸበኹምሲ ብዘይ ነውርን ብዘይ መንቅብን ምስኡ ሰላም ዘሎኩም ኳንኩም ክትርከቡ ተጋደሉ ብስሕተት እቶም ስዲ ዝኸዱ ዘለዉ ተሳሒብኩም ካብቲ ጽኑዕ መሠረትኩም ከይትወድቁ ተሓለዉ ይብለና።
ኣብ ጉዕዞ ጾም ኣብ ዘሎናሉ እዋን ጉዳይ መወዳእታና ክንሓስብ ግቡእ። ከመይን ምስ መንን እጉዓዝ ኣሎኹ ክንብል የድሊ። ፀሓይ በሪቓ ክትዕርበና ጥራሕ የብልናን ኣብ ልብና ንመለስ እሞ ጉዕዞና ንርእ። ከመሎኹ? ኢልና ሕልናዊ ሕቶ ሓቲትና መልሲ ወሃብቲ ክንከውን ኣሎና። እዚ ቅዱስ እዋን ጾም ፍሉይ ዝግብሮ ኣብ ኣምላኽ ክንምለስ ዝዕድም ስለ ዝኾነ እዩ።
ኣብ ኣምላኽ ተመሊስና ኣተሓሳስባና ኣካይዳና ንዓሪ ሽዑ ኣብ ዝመጸ እንተ መጸ ሰንከል ወይ ፍርሒ ኣይ ክመጽኣናን እዩ። ኦ ኣምላኽየ ኩሉ ጊዜ ኣባኻ ኣሚነ ክነብር ሓግዘኒ ኣብ ጊዜ ሞት ኣብ እትጽውዓኒ እዋን ከአ እሙን ኣገልጋሊ ኮይነ ክጸንሕ ጸጋኸ ዓድለኒ ንበሎ።

ኣንጉሠ ፍሥሓ